بسم الله الرحمن الرحيم

# ሕብረተሰብኣዊ ሓላፍነትን ምትሕግጋዝን





ካልኣይቲ ክፋል
(ካብ ኣርባዕተ)




وَأَنفِقُوا۟ مِن مَّا رَزَقْنَـٰكُم مِّن قَبْلِ أَن يَأْتِىَ أَحَدَكُمُ ٱلْمَوْتُ

ብሂወት እንከለናን - ዓቕሚ እንከለናን

ስዒድ ኣሕመድ - 13/07/2014

habereta@hotmail.com

# ትሕዝቶ

## ትሕዝቶ ናይ ዝሓለፈት ክፋል 1


ትሕዝቶ ---------- 2
ዕላማ ናይ'ዛ ጽሕፍቲ ---------- 4
መእተዊ ---------- 5
ንኻልኦት ምሕጋዝ ወይ ረድኤት ምሃብ ብዓይኒ እስልምና እንታይ እዩ? ---------- 7
ዘለና ርዝቂ ሕድሪ ካብ ረቢ እዩ ---------- 8
ድኻታትን ሽጉራትን ኣብ ተዋሂቡና ዘሎ ርዝቂ መሰልን ሓቅን ኣለዎም ---------- 9
ሓገዛት ምውፋይን ጽቡቕ ስራሓት ምስራሕን---------- 10
ንምንታይ ንኻልኦት ንሕግዝ ---------- 10
1. ብዓይኒ ዲን ---------- 10
2. ብዓይኒ ሳይኮሎጂ ----------11
ንምንታይ ገሊኦም ሰባት ካብ ካልኦት ንላዕሊ ናይ ምሕጋዝ ድሌትን ተበግሶን የርእዩ? ---------- 11
ንመን ከምእንሕግዝ ኣብ ኣተሓሳስባና ግደ ዘለዎ ረቛሒ ---------- 11
ንኻልኦት ምሕጋዝ ናብ ዓወት ዝመርሕ እዩ ---------- 13


## ትሕዝቶ ናይ እዚኣ ክፋል 2


ትሕዝቶ .......... 2
ዕላማ ናይ'ዛ ጽሕፍቲ .......... 4
ጥቕምታት ንኻልኦት ምሕጋዝን ምድጋፍን .......... 5
ንኻልኦት ምሕጋዝ ጥቕሚ ንነብስና እዩ .......... 5
ለውጢ ክትገብር ትኽእል ኢኻ .......... 6
ወርቃዊ ሕጊ .......... 6
ምስ ካልኦት ኣካላት ሕብረተሰብ ምትሕብባር .......... 8
ሓቅን መሰልን ጎረቤት.......... 8
እስልምና ንዘይኸተሉ ምሕጋዝ.......... 9
ንኻልኦት ምሕጋዝ ክልኩል ዝኾነሉ ኩነታት .......... 9
ሕብረተሰብኣዊ ስራሓት ብቁርኣን መሰረት .......... 9
ሕውነት.......... 9
ዓይነታት ሓገዛት .......... 10
ኣብ ሽግርን ጸገምን ንዘለዉ ምሕጋዝ ግዴታ እዩ .......... 10
ኩሉ ኣይኮነን ኣፉ ኣወጺኡ ሓገዝ ዝሓትት - *"ኣያ ዘለዎ ኣራፊዱ ይመውት"*.......... 10
ንመን ክንህብ ኣለና?.......... 11
ብኸመይ ክንህብ ኣለና? .......... 11
እቲ ዝበለጸ ሓገዝ.......... 12
ብዛዕባ ምልማን .......... 12


## ትሕዝቶ ናይ ቀጻሊት ክፋል 3


እንህቦ እንታይ ዓይነት ክኸውን ኣለዎ? ----------23
ክንድምንታይ ክንህብ ኣለና? ---------- 23
ንኻልኦት ምሕጋዝ ዓቕሚ እንክለናን ብሂወት እንክለናን እዩ ---------- 23
መድረኻት ማሕበራዊ ተሳታፍነት ----------24
መድረኻት ኣብ ምውፋይ ሓገዛት ንዝተሸገሩ ---------- 24
ኩሉ ካብ'ታ ዘላቶ ክሕግዝ ግዴታ እዩ ---------- 25
ምኽንያታት ናይ ዘይምሕጋዝ ----------25
ክትሕግዝ እንክለኻ ምስትውዓል ዘድልዮም ጉዳያት ---------- 27
1. ዝኾነ ሓገዝ ቅቡል ንኽኸውን ንረቢ ኢልካ ክኸውን ኣለዎ ---------- 27
2. ናይ "ረኣዩለይ" ሓገዝን ካብ ሰብ ምስጋናን ኣድናቖትን ምጽባይን ---------- 27
3. ሓጊዝ እንድየ ኢልካ ምጅሃር ---------- 27
4. ድሕሪ ምሕጋዝካ ብዛዕባ ዝሓገዝካዮ ሰብ ሕማቕ ምዝራብ ---------- 28
ንጽቡቕ ተግባር ተበጊስካ ንጥቕምታትካ ምሕላይ ---------- 28

ብኸመይ ናይ ምሕጋዝ ጠባያት ከነማዕብል ከምእንኽእል ---- 28
መፍትሕ ናይ ምሕጋዝ ---- 29
ንኻልኦት ምሕጋስዝ መተርከስ ልቢ እዩ ---- 29
ሳይኮሎጂካዊ መኽሰባት ምሕጋዝ ሰባት ---- 29
ግቡእ ሓገዛት ንኽይውፈ ዕንቅፋታት ዝኾኑ ረቛሒታት ---- 30
ኣወሃሃድቲ ሓገዝን ረድኤትን ከስተውዕልሉ ዝግብኡ ነገራት ---- 30
ኩሉ ካብ ረቢ ዝተወሃበና ነገር ሕድርን ሓላፍነትን እዩ ---- 30
ንኻልኦት ናይ ምሕጋዝ ሓላፍነት ምውሳድ ኣማና እዩ ---- 30
ሓገዝ ናይ ምርካብ መሰላት ንኻልኦት ኣብ እስልምና ንዘይኣምኑ ሰባት ---- 31
ዓይነታት እስላማዊ ሓገዛት ---- 31
እምነት (እሙን ምኧን) ---- 33
ኣብ ምሕጋዝ ካልኦት ግደ ዘለወን ባህርያትን ጠባያትን ---- 34
ስስዐን ነፍሰ-ፍትወትን ---- 34
ትምክሕቲ/ኣነነት ---- 34
ልግሲ/ሓልዮት ንኻልኦት ---- 34

## ትሕዝቶ ናይ መጨረሻ ክፋል 4

መግለጺ ሕብረተሰብ ---- 35
መርገጻትን ልምድታትን ኣብ ምዕባለ ሕብረተሰብ ---- 35
ኣብ ምዕባለ ሕብረተሰብ መን ይካፈል? ---- 35
ውድቀትን ዕንወትን ሕብረተሰብ ---- 35
ጠባያት ንሕብረተሰብኣዊ ስራሓት ከማዕብልን ከደንፍዕን ዝኽእል ---- 36
ጠባያት ንሕብረተሰብኣዊ ስራሓት ከዛሕትልን ከደስክልን ዝኽእል ---- 36
ስኒትን ጥርነፈን ---- 37
ንሓደ ሕብረተሰብ ዕዉት ዝገብሮ እንታይ እዩ? ---- 37
1-ትምህርቲ 2-ጥዕና 3-ሃብቲ ---- 37
ኣብ ሕብረተሰብኣዊ ስራሓት ተሳታፍነት ---- 38
ሕብረተሰብኣዊ ሓላፍነት ---- 38
ሕብረተሰብኣዊ ስራሓት ---- 38
መሰረት ሕብረተሰብኣዊ ሓላፍነት ---- 39
1. ውክልናን ሓላፍነትን (Vicegerency) ---- 39
2.ተሓታትነት (Divine Accountability) ---- 39
2.3. ንጽቡቕ ተግባር ምትብባዕን ንሕማቕ ነገር ድማ ምንጻግን (Enjoining Good and Forbidding Evil) ---- 40
ሕብረተሰብኣዊ ግዴታ ---- 41
ሕብረተሰብኣዊ ተሳታፍነት ---- 42
ኣብ ናይ ማሕበራዊ ስራሓት ንዘይምክፋል ካብ ዝቐርቡ ምኽንያታት ---- 42
ሕብረተሰብኣዊ ምዕባለ ---- 43
ሕብረተሰብኣዊ ጥምረት ---- 43
ዕዉት ሕብረተሰብ ---- 44
ውልቃውን ሕ/ሰብኣውን ተዓወት/ክዕወት ኣተሓሳስባ ኣብ እስልምና (think Win/Win) ---- 44
መዛዘሚ ---- 47
ዱዓ ---- 48

# ዕላማ ናይ'ዛ ጽሕፍቲ

ባይታ ናይ እዛ ቀሪባ ዘላ ጽሕፍቲ ኣብ ዝተፈላለየ ቦታታት ዘሎ ህዝብና ዝረኽቦ ዘሎ ሽግራት ኮይኑ ዕላማኣ ድማ ነዚ ሽግራት ኣብ ኩሉ ኣካል ህዝብና ናይ ሓባር ኣረዳድኣ ንምፍጣርን እዚ ሽግራት ዝፍተሓሉ ኣገባባት ካብ ዘለና ኣተሓሳስባ ስለዝብገስ ክነስተውዕለሎም ንዘለዉ ነገራት ንምብራህ እዩ።

እዚኣ ጽሕፍቲ "ሕብረተሰብኣዊ ሓላፍነትን ምትሕግጋዝን" ብዝብል ኣርእስቲ ንዝተዳለወ ጽሑፍ ካልኣይቲ ክፋል ኮይና እተን ካልኦት ክፍልታት ኣብ ዝስዕብ ዘሎ መዓልታት በብግዚኡ ክስደዳ እየን።

ቀዳመይቲ ክፋል ብዕለት 08/07/2014 ተሰዲዳ

إِنَّمَا ٱلْعِلْمُ عِندَ ٱللَّهِ

ስዒድ ኣሕመድ
13-07-2014

**ጥቕምታት ንኻልኣት ምሕጋዝን ምድጋፍን**

1. ዲናውን ሕብረተሰብኣውን ግዴታትካ ሓላፍነትካን ተማልእ ኣለኻ።
2. ተሸጊሮም ዘለዉ ተስፋ ረኺቦም ሓቦ ይገብሩ። ካብ ሽግራቶም ድማ ወላ ንቕሩብ እዋን እንተኾነ እፎይ ይብሉ።
3. ንደቅና ኣብነት ኮይኑ መጻኢ ወለዶ ናይ ምትሕግጋዝ መንፈስ ሒዙ ንኽዓቢ ይድርኽ
4. ካልኦት ኣሰርካ ተኸቲሎም ንኽህቡን ከሕግዙን የተባብዕ - ጽቡቕ ንጽቡቕ ይወልድ
5. ጽቡቕ ተግባራት ንሕማቕ ተግባራት ከምዝበኑ ይገብሮም፡ ሱረት ኣል-ሁድ ኣያ 114 (11:114)፡ (إِنَّ ٱلۡحَسَنَٰتِ يُذۡهِبۡنَ ٱلسَّيِّـَٔاتِۚ)
6. ምሕጋዝ መበገሲ ናይ ካልኦት ጽቡቕ ጠባያት እዩ። ሓንሳብ ብልቢ ምሃብ እንድሕር ጀሚርካ ብቐሊሉ ኣይተቋርጽን
7. ንእሽተ ኢልካ ዝገበርካያ ረቢ ባሪኹዋ ክሳብ ክንደይ ካልእ ኼይራት ሒዛ ከም እትመጽ ኣይትፈልጥን ኢኻ
8. ኣብ ሂወትካ ሓጎስ ፈጢሩ ዕግበት ይህበካ
9. ንስኻ ዕድለኛን ርኹብን ኮንካ ካልኦት ኣብ ጸበባን ሽግርን ስለዘለዉ፡ ናብ ረቢ ሱ.ወ. እትቕርቦ ምስጋና ልባዊ ይኸውን
10. ምሃብን ምሕጋዝን ኣማዕባሊ'ኻ ስለዝኾነ
11. ሎሚ ሃብ፡ ጽባሕ ክትወሃብ። ወላ'ኳ ካብ ረቢ እትረኽቦ ጸብለልትነት እንተሃለዎ፡ ካብ ሰብ'ውን ክትረኽቦ ኢኻ። ዘውጻእካዮን ዝሃብካዮን ድማ ተዓጻጺፉ ክምለሰካን ክመጸካን እዩ፡ ሱረት ኣል-ሓዲድ ኣያ 11 (57:11)

(مَّن ذَا ٱلَّذِي يُقۡرِضُ ٱللَّهَ قَرۡضًا حَسَنٗا فَيُضَٰعِفَهُۥ لَهُۥ وَلَهُۥٓ أَجۡرٞ كَرِيمٞ)

**ንኻልኦት ምሕጋዝ ጥቕሚ ንነብስና እዩ**

ኣብ ሱረት ኣል በቐራ ኣያ 265 (2/265) ረቢ ሱ.ወ. ነዞም ምእንቲ ንረቢ ከሐጉሱ ኢሎምን ካብ ውሽጦም ዝነቕለ ኢማኖም ከጠናኽሩ ኢሎም ካብ ንብረቶም ዘውጽኡ፡ ምስ ሓንቲ ኣብ በሪኽ ቦታ እትርከብ ጀርዲን የመሳስሎም። ብርቱዕ ዝናብ ምስዝወቕዓ፡ እትህቦ ፍርያት ዕጽፊ ይኸውን። ብርቱዕ ዝናብ ምስዘይወቅዕ፡ ውሑድ ዝናብ እውን እንተኾነ ፍርያት ንኽትህብ እኹል ምዃኑን ረቢ ድማ ንኹሉ እንገብሮ ስራሓት ረኣዪ ምዃኑ ብስዒቡ ዘሎ መልክዕ ሰፊሩ ይርከብ፡

وَمَثَلُ ٱلَّذِينَ يُنفِقُونَ أَمۡوَٰلَهُمُ ٱبۡتِغَآءَ مَرۡضَاتِ ٱللَّهِ وَتَثۡبِيتٗا مِّنۡ أَنفُسِهِمۡ كَمَثَلِ جَنَّةِۭ بِرَبۡوَةٍ أَصَابَهَا وَابِلٞ فَـَٔاتَتۡ أُكُلَهَا

ضِعۡفَيۡنِ فَإِن لَّمۡ يُصِبۡهَا وَابِلٞ فَطَلّٞۗ وَٱللَّهُ بِمَا تَعۡمَلُونَ بَصِيرٌ

ኣብ ሱረት ኣል-በቐራ ኣያ 274 (2፡274) እዞም ካብ ንብረቶም ብለይቲ ይኹን ብቐትሪ፡ ብምስጢር ወይ ብዕሊ ዘውጽኡ፡ ብርግጽ ኣጅሮም ኣብ ረቢ ስለዝኾነ ክፈርሑን ክሓዝኑን የብሎምን ብዝብል ኣገባብ ሰፊሩ ይርከብ።

ٱلَّذِينَ يُنفِقُونَ أَمۡوَٰلَهُم بِٱلَّيۡلِ وَٱلنَّهَارِ سِرّٗا وَعَلَانِيَةٗ فَلَهُمۡ أَجۡرُهُمۡ عِندَ رَبِّهِمۡ وَلَا خَوۡفٌ عَلَيۡهِمۡ وَلَا هُمۡ يَحۡزَنُونَ

ኣብ ሱረት ኣልኣንፋል ኣያ 4 (8፡4) ሰላቶም እንዳሰገዱ ካብ እትወሃቦም ዘውጽኡ፡ ኣብ ሓቂ ኣመንቲ ምዃኖም ብምግላጽ፡ ነዚኦም ድማ ኣብ ረቦም ዓቢ ደረጃን መቕፈራን ከምኡ'ውን ልጋሴ ዝመለአ ርዝቂ ከምዘለዎም ብስዒቡ ዘሎ መልክዕ ሰፊሩ ኣሎ።

ٱلَّذِينَ يُقِيمُونَ ٱلصَّلَوٰةَ وَمِمَّا رَزَقۡنَٰهُمۡ يُنفِقُونَ (٣) أُوْلَـٰٓئِكَ هُمُ ٱلۡمُؤۡمِنُونَ حَقّٗاۚ لَّهُمۡ دَرَجَٰتٌ عِندَ رَبِّهِمۡ وَمَغۡفِرَةٞ وَرِزۡقٞ كَرِيمٞ

ኣብ ሱረት ኣል ኣንፋል ኣያ 60 (8፡60) እውን እንተኾንንዝኾነ ኣብ መንገዲ ረቢ ኢልና ንእነውጽኦ ብምሉእ ክኽፈለና ምዃኑን ክንበደል ከምዘይኮንና ስዒብ ዘላ ኣያ ተብርህ፡

وَمَا تُنفِقُواْ مِن شَيۡءٖ فِي سَبِيلِ ٱللَّهِ يُوَفَّ إِلَيۡكُمۡ وَأَنتُمۡ لَا تُظۡلَمُونَ

ንኻልኦት ብቕንዕና ክንሕግዝ ኢልና እንህቦ ዝኾነ ሓገዝ ረቢ ሱ.ወ. ንዕኡ ከምዘለቃሕናዮ ቆጺሩ ድማ ዓጻጺፉ ከምዝመልሰልና ኣብ ሱረት ኣል-በቐራ ኣያ 245 (2፡245) ስዒቡ ዘሎ ይርከብ፤

مَّن ذَا ٱلَّذِي يُقۡرِضُ ٱللَّهَ قَرۡضًا حَسَنٗا فَيُضَٰعِفَهُۥ لَهُۥٓ أَضۡعَافٗا كَثِيرَةٗۚ وَٱللَّهُ يَقۡبِضُ وَيَبۡصُۜطُ وَإِلَيۡهِ تُرۡجَعُونَ

ሓቀኛ ሓጎስ ብገንዘብን ካልኦት ግዜያዊ ዝኾኑ ዓለማዊ ሓጎሳት ዝመጽእ ኣይኮነን። እንህቦ ንጥቕምና ምዃኑን ሓቀኛ ሓጎስ ብእምነትን ጽቡቕ ስራሕን ከምዝመጽእ ረቢ ሱ.ወ. ኣብ ሱረት ናሕል ኣያ 97 (16፡97) ይገልጸልና።

مَنْ عَمِلَ صَالِحًا مِنْ ذَكَرٍ أَوْ أُنْثَى وَهُوَ مُؤْمِنٌ فَلَنُحْيِيَنَّهُ حَيَاةً طَيِّبَةً ۖ وَلَنَجْزِيَنَّهُمْ أَجْرَهُمْ بِأَحْسَنِ مَا كَانُوا يَعْمَلُونَ

ኣብ ሱረት ኣል በቐራ ኣያ 261 (2፡261) መኽሰብ ናይ ምሕጋዝ ሰብ ተጠቒሱ ይርከብ። ረቢ ሱ.ወ. ኣብ መንገዲ ረቢ ካብ ዘለዎም ንዘውጽኡ ከመሳስሎም እንከሎ፡ ልግስነኦም ልክዕ ከም ናይ ሸውዓት ጉንቦ ሰዊት ስርናይ ኮይኑ ነፍስ ወከፍ ጉንቦ ድማ 100 ፍሬ ዝሓዘት ከምዝሓዘት ገይሩ ምስላ ይህብ። ረቢ ሱ.ወ. ንዝደለየሉ ዕጽፊ ገይሩ የዛየደሉ፡

مَّثَلُ ٱلَّذِينَ يُنفِقُونَ أَمْوَٰلَهُمْ فِى سَبِيلِ ٱللَّهِ كَمَثَلِ حَبَّةٍ أَنۢبَتَتْ سَبْعَ سَنَابِلَ فِى كُلِّ سُنۢبُلَةٍ مِّاْئَةُ حَبَّةٍ ۗ وَٱللَّهُ يُضَـٰعِفُ

لِمَن يَشَآءُ ۗ وَٱللَّهُ وَٰسِعٌ عَلِيمٌ (٢٦١)

ኣብ ሱረት ኣል-ኒሳእ ኣያ 40 (4፡40) ብርግጽ፡ ረቢ ሱ.ወ. ወላ ኣዝዩ ንኡስ ይኹን ወጻዒ ከምዘይኮን ብምሕባር፡ እንድሕር ዝኾነ ጽቡቕ ተግባር ተገይሩ ዓጻጺፉ ወሃባይ ምዃን ስዒቡ ዘሎ መረጋገጺ ይርከብ፤

إِنَّ ٱللَّهَ لَا يَظْلِمُ مِثْقَالَ ذَرَّةٍ ۖ وَإِن تَكُ حَسَنَةً يُضَـٰعِفْهَا وَيُؤْتِ مِن لَّدُنْهُ أَجْرًا عَظِيمًا

**<u>ለውጢ ክትገብር ትኽእል ኢኻ</u>**
ዝኾነ እትገብሮ ሓገዝ ይውሓድ ይብዛሕ በቲ ይኹን በቲ ለውጢ ክገብር ከምዝኽእል ፍለጥ። ወላ እቲ እትገብሮ ሓገዝ ውሑድ ኮይኑ ይሰማዓካ ደኣ'ምበር ብውሕዱ ፍናናዊ (ሞራላዊ) ደገፍ ከምዝህብ ተገንዘብ። ካብ ረቢ ካብ እትረኽቦ ኣጅሪ ሓሊፉ ድማ ክትሕግዝ ከምእትፍትን ሰብ ይምስክረልካ። እዚ ምስክር'ዚ ባዕሉ ኣብ የውመል ቅያማ ብረቢ ሱ.ወ. ቅቡል ዝኾነ ተግባር እዩ። ንመብዛሕትኦም ደቅሰባት ንኻልኦት ምሕጋዝ እቲ ዝዓበየ ምንጪ ናይ ሓጎስ እዩ።

1. ንኻልኦት ሓገዝ ምሃብ ኣብ ጸገማቶም ኣብሽሩ ኢልካ ምትብባዕን ተስፋ ምሃብን እዩ
2. ንደቅናን ካልኦት ሰባትን ኣብነት ብምዃን ጽቡቕ ተግባራት እውን ንኽገብሩ የተባብዕ
3. ጽቡቕ ምግባር መሊስካ ጽቡቕ ንኽትገብር መንገዲ ዝኸፍት እዩ

ዝኾነ ሓገዝ ንእሽተ እንድዩ ወይ ድማ ንመን ክኣክል እዩ ኢልና ካብ ምልጋስ ኢድና ክንሕዝ የብልናን። ብቐዳማይ ደረጃ ገለ ካብዘይምግባር ዝሓሸ ኮይኑ ምስካልኦት ምናልባት ዝህብዎ ተሓዊሱ በረካ ክገብር ይኽእል እዩ። ካብዚ ሓሊፉ ልግሲ ማለት ናይ ገንዘብ ሓገዝ ጥራሀ ኣይኮነን። ጽቡቕ ገጽ ምርኣይ፤ ጽቡቕ ዘረባ ምዝራብ፤ ግዜኻ ምውፋይ፤ ናይ ጉልበት ሓገዝ ምግባር ዝኣመሰሉ ባዕሎም ከም ልግሲ ዝግለጹ ኮይኖም ኣብ መዓልታዊ ሂወት ሽጉራት ለውጢ ክገብር ይኽእል እዩ።

**<u>ወርቃዊ ሕጊ</u>**
እዚኣ ሕጊ ኣብ ከባቢ 1670 ዓ.ም. ዝተበገሰ ዓለምለኻዊ ኣተሓሳስባ ኮይኑ ኣብ ብዙሓት ባህልታትን ሃይማኖታትን ኣብ መንጎ ደቅሰባት ንዘሎ ርክባት መግለጺ፡ ከም ንኣብነት ኣብ ቻይና፤ ግሪኽ፤ ግብጺ ዝኣመሰላ ናይ ቀደም ስልጣኔታት የገልግል ነይሩ። ወርቃዊ ሕጊ ሓደ ሰብ ክህልዎ ዘለዎ እቲ ዝለዓል ሞራላዊ ሓላፍነት ከም መግለጺ ዘገልግል መሳርሒ ኮይኑ መሰረታዊ ትሕዝትኡ ንኻልኦት ከም'ቲ ንዓኻ ክሕዙኻን ክግደሱልካን እትደልዮ ኣገባብ ጌርካ፡ ንኻልኦት'ውን ከምኡ ሕዞምን ተገደሰሎምን ዝብል ኣረኣእያ እዩ። ብኻልእ ኣዘራርባ ኣብ ልዕሌኻ ንዘይትደልዮ ሕማቕ ነገር ኣብ ልዕሊ ካልኦት ኣይትፈጽም። ኣብ'ዚ ምስትውዓል ዘድልዮ እዚ ንርክባት ደቅሰባት ዝገልጽ ኣተሓሳስባ ኣብ እስልምና ካብ ከባብ 610 ዓ.ም. ካብ ዝጅመር ጀሚሩ ዝነበረን ዘሎን መምርሒ እዩ። ኣብ ሱረት ኣል-ኒሳእ ኣያ 36 (4፡36) ስዒቡ ዘሎ ልዑል ዝኾነ ሕግን መምርሕን ይርከብ። ሓፈሻዊ ትሕዝትኡ ድማ፡ ንረቢ ጥራሕ ሽርካ ከይገበርናሉ ክንግዛእ ከምዘልንና ብምሕባር፥ ንወለዲ፤ ንቐረባ ቤተሰብ፤ የታይም፤ ንዝተሸገሩ፤ ቀረባ ዝኾኑ ጎረባብቲ፤ ዘይትፈልጦም ጎረባብቲ፤ ኣብ ጎንኹም ንዘሎ፤ ንገየሽቲ ከምኡ'ውን ንበራዩ ጽቡቕ ተግባራት ክንገብር ከምዘለንና መምርሒ ይርከብ። ረቢ ድማ ንደንቆሮን ተሓባንን ከምዘይፈቱ'ውን ተገሊጹ ይርከብ።

۞ وَٱعْبُدُوا۟ ٱللَّهَ وَلَا تُشْرِكُوا۟ بِهِۦ شَيْـًٔا ۖ وَبِٱلْوَٰلِدَيْنِ إِحْسَـٰنًا وَبِذِى ٱلْقُرْبَىٰ وَٱلْيَتَـٰمَىٰ وَٱلْمَسَـٰكِينِ وَٱلْجَارِ ذِى ٱلْقُرْبَىٰ

وَٱلْجَارِ ٱلْجُنُبِ وَٱلصَّاحِبِ بِٱلْجَنۢبِ وَٱبْنِ ٱلسَّبِيلِ وَمَا مَلَكَتْ أَيْمَـٰنُكُمْ ۗ إِنَّ ٱللَّهَ لَا يُحِبُّ مَن كَانَ مُخْتَالًا فَخُورًا

ካብ'ዚ ሓሊፉ ረሱል ሰ.ዓ.ወ. ስዒቡ ዘሎ ኢሎም፤
"ክሳብ ንነብስኹም እትፈትውዎ ነገር ንኻልኦት ዘይተመነኹም ኣመንቲ ኣይኮንኩምን።" (ሰሒሕ ሙስሊም)
"ካብ ጀሃነም ድሒኑ ጀና ክኣቱ ዝደሊ ዝኾነ ሰብ ንኻልኦት ከምታ ንነብሱ ዝደልያ ገየሩ ክሕዞም ኣለዎ።" (ሰሒሕ ሙስሊም)
“ንነብስኻ ትደልዮን ትምነዮን ንኻልኦት'ውን ድለይን ተመነይን፡ ንነብስኻ ዘይትደልዮ ድማ ንኻልኦት ኣይትድለ።” (ኣቡ ዳውድ)
ኣብ ሕብረተሰብና'ውን እንተኾነ ነዚ ዝምልከት ስዒቡ ዘሎ ወርቃዊ ሕጊ ይርከብ፤

***<u>"ጽቡቕ ግበር - ንመን ? - ንማንም !"</u>***

ሕማቕ ይኹን ጽቡቕ ተግባራትና ሓሊፉ ክጸንሓና ከምዝኽእል ድማ ስዒቡ ዘሎ ባህላዊ ኣበሃህላ ይርከብ፤

***<u>ኢድ ጸናሒት</u>***

# ወርቃዊ ሕጊ (Golden Rule)

ንኻልኦት ሰባት ምግዳስ ማለት፡ ኣብ ቦተኦም ኔርካ እንተ'ኸውን ኔርካ፡ ከም'ቲ ንስኻ ክግደሱልካ እትደለዮ ኣገባብ ጌርካ ምስ እትግደሰሎም፡ ንስኻ ሓቀኛ ሓገዝ ከም እተወፊ ብምግባር ንዘለካ ዕግበትን ሓጎስን ክብ የብሎ። ስዒበን ዘለዋ ነጥብታት ወርቃዊ ሕጊ (Golden Rule) ተባሂለን ዝጽወዓ እየን። ዕላመአን ድማ ኣብ ደቂ ሰባት ንዘሎ ናይ ምርድዳእን ምትሕግጋዝን መንፈስ ክብ ንምባል እዩ።

1. **<u>ረቢ ሱ.ወ. ዝኣዘዞን ረሱል ሰ.ዓ.ወ.</u>**: ይብልዎን ይገብርዎን ንዝነበሩ ምኽታል ንኻልኦት ምግዳስ ምኽንያቱ ዘክር። ዝኾነ ዒባዳ ሰላት ይኹን ጾም ዓቕሚ እንክለካ ብዘይ ንኻልኦት ሽጉራት ሰባት ምሕጋዝ ቅቡል ከምዘይኾነ ፍለጥ።
2. **<u>ሕብረተሰብኣዊ ግዴታ:</u>** ከምዘለካን ኣካልካን ወገንካን ይሽገሩ ከምዘለዉ ዘክር
3. **<u>ሓጋዚ ብምዃን ንረቢ ሱ.ወ. ኣመስግን:</u>** ተጸጊሙ ዘሎ ካብ ሽግሩ ንኽወጽእ ብምሕሳብ ካብ እቲ ሽግር ረቢ ነጻ ስለዝገበረካን ናይ ምሕጋዝ ዓቕምታት ስለዝሃበካ ኣልሓምዱሊላህ በል።
4. **<u>ሎሚ ሓጋዝ ጽባሕ ድማ ተሓጋዚ</u>** ክትከውን ከምእትኽእል ኣስተውዕል። ዘይ ጽገምን ሽግር ዘይረኽቦን ሰብ የለን።
5. **<u>ምድንጋጽ (empathy) ኣርኢ</u>**: ሽግራትን ጸገማትን ሰባት ክትሰምዕ እንከለኻ ኣብ ቦተኦም እንተዝኸውን ነይረ ወይ ድማ ቤተሰበይ፤ ደቀይ፤ ኣሕዋተይ፤ ኣዝማደይ ከም'ቲ ሽግር እንተዘጓንፎም ነይሩ ኢልካ ናይ ካልኦት ሰባት ጸገማቶም ክትርድኦ ፈትን። እንታይ ምኾንኩ ነይረ? እንታይ ምገበርኩ ነይረ? እንታይ ጸገማትን ስቅያትን የሕልፉ ኣለዉ? ነቲ ዝገብርዎ ዘለዉ ኸ ንምንታይ ይገብርዎ ኣለዉ? ኣማራጭን ሓጋዝን ኣለዎም ዶ? ዝኣመሰሉ ንነብስኻ ሕተት። ጠቓሚ ምኽሪ ምሃብ ቦትኡ ምኽንያቱ ዘክር።
6. **<u>ለዋህነትን ርህራህን (compassion) ኣርኢ:</u>** ጸገማትን ስቅያትን ካልኦት ምስ እተሰማዓካን እተረዳእካን ንሽግራቶም ንኽትፈትሖ ወይ ድማ ኣብ ምፍትሑ ግደ ንኽህልወካ ውሳነ ውሰድ። ሽግራቶም ጠጠው ዝብለሉ ኣገባባት ሕሰብን ምስ ካልኦት ተማኸርን። ወላ ንእሽተ ተመሲሉ ይረኣየካ ናይ ገንዘብ፤ ንዋት ይኹን ጉልበት ሓገዝ ብተግባር ካብ ምውፋይ ድሕር ኣይትበል።
7. **<u>ካልኦት ብኸመይ ኣገባብ ክሕዙኻ ምፈተኻ?</u>** **:**ንኻልኦት ሰባት ከም'ቲ ንዓኻ ካልኦት ክሕዙኻን ክግደሱልካን ብልክዕ ኣገባብ ጌርካ ሕዞም ጥራሕ ዘይኮነስ፡ ነቲ ንሶም ዝደልይዎ ኣገባብ ሓሲብካ ተረዲእካን ክብረቶም ሓሊኻ በቲ ቅኑዕ ኣገባብ ሓዞምን ተገደሰሎምን ማለት እዩ።
8. **<u>ብሩህን ፍቱሕን ገጽካ ኣርኢ:</u>** ኣብ ዝኾነ ኩነታት ከም ቀዳማይ ደረጃ ንኻልኦት ገጽካ ፈቲሕካ ቅረቦም።
9. **<u>ሓጋዝ ሰብ ኩን:</u>** ክሳብ ካልኦት ኣፎም ከፊቶም ሓግዘና ዝብሉኻ ኣይትጸበ። ሓያን ስክፍታን ሒዝዎም ሓገዝ ሰብ ወላ እንተኣድለዮም ኣፎም ከፊቶም ሓግዙና ዘይብሉ ኣለዉ። ይበሉ ኣይበሉ ብዘየገድስ፡ እንድሕር ሽግሮም ትፈልጥ ኮይንካ ክትሕግዝ ፈትን።
10. **<u>ሽግራትን ጸገማትን ካልኦት ብተገዳስነት ስማዕ:</u>** ጸገማቶም ከካፍሉኻ ምስዝደልዩ ኣይትህደም። እቲ ዝወሓድ ተገዲስካ ምስማዕ እዩ።
11. **<u>ቅድመ-ፍርዲ ኣይሃልውካ:</u>** ብዘይ ብቑዕ ፍልጠት ኣቐዲምካ ንኻልኦት ብሕማቕ ይኹን ብጽቡቕ ኣይትፍረድ። ኣብ ክንዲ ኣብ መንጎኻን ተሓጋዝን ፍልልይ ተናዲ ሓደ ዝኾንኩሙሉ ዘመሳስለኩምን ኩነታት ኣናዲ። ኣይተናእስን ካብኦም ዝበለጽካ ኮይኑ ድማ ኣይሰማዕካ።
12. **<u>ወቐሳን ክስን ጠጠው ኣብል:</u>** ተሸጊሩ ዘሎ ሰብ ብዕጭኡ ተረቲዑ ወይ ድማ ፈትዩ ኣብኡ ዝኣተወ ከምዘይኮነ ፍለጥ። ጌጋታት ክህልው ይኽእል እዩ፡ ኮይኑ ግን ነዚ ቀዳምነት ከይሃብካ ንተሸጊሩ ዘሎ ሓግዝ። "ባዕሉ ዘምጸኦ እዩ" ኢልካ ኩነታቱ ኣይተጋድደሉ።
13. **<u>ንኻልኦት ክትቆጻጸር ኣይትፈትን:</u>** ንሽግር ሰባት ኣብ ንስኻ እትደልዮ እትጽበዮን ሸነኽ ንምእላዩ ንሓገዛትካ ቅድመ-ኩነት ኣይትግበረሉ። ሓገዝካ ዘወፈኻሎም ሰባት ፍሉይ ዝኾን ኣገልግሎት ንኽገብሩልካ ኣይትጸበን ኣይትሕተትን። ሓገዛትካ ንረቢ ሱ.ወ. ኢልካ ኽኸውን ኣልዎ።
14. **<u>ንነብስኻ ኣዘኻኽር:</u>** ኩሉ ግዜ ንጽጉማት ክትሕግዝ ከምዘለካን ካልኦት ይሽገሩ ከምዘለዉ ንነብስኻን ንኻልኦትን ኣዘኻኽር።
15. **<u>ሕነ ክትፈዲ ኣይትፈትን:</u>** ናይ ዝሓለፈ ዘኪርካ ናይ ዝተሸገረ ሰብ ጸገማት ሓጎስ ኣይሰማዕካ። እቲ ዝኸፈአ ድማ ንጸገማቱ ተጠቒምካ ናይ ዝሓለፈ ሕነ ክትፈዲ ኣይትፈትን። ንዝሓለፈ ንረቢ ሂብካ ግቡእ ሓገዝካ ሃብ።
16. **<u>ለውጢ ካባኻ ጀምር:</u>** ካልኦት ዘይገበሩ ኢልካ ካብ ምሕጋዝ ድሕር ኣይትበል። ኩሉ ገጉድጓዱ ኣለዎ።
17. **<u>ኣብ ውሽጥኻ ንዝፈጠር ዕግበትን ትረኽቦ ንዘለኻ ኣጅርን ኣስተውዕል:</u>** ረቢ ዝኣዘዞ ስራሓት ትሰርሕ ስለዘለኻ ዕግበት ብዘይ ኣነነት ክስመዓካ ይግባእ። ካብ ረቢ እውን ኣጅሪ ከምእትረክብ ዘክር። ንኻልኦት ሰባት ካብ ሽግራቶም ንኽወጹ ዓቕምኻ ብዘፍቅዶ ተወፊኻ ለውጢ ስለዝገበርካ ሓጎስ ክስመዓካ ቦትኡ እዩ። ጃህራ ዝበሃል "ኣነ ገይረ!" ኢልካ ክትምካሕ ምስእትጅምር እዩ።
18. **<u>ዱዓ ግበር:</u>** ተሸጊሩ ዘሎ ካብ ኣጓኒፍዎ ዘሎ ጸበባቱን ሽግራቱን ንኽወጽን ንዓኻ ድማ ካብ ከምኡ ዝኣመሰለ ሽግራት ንኸድሕነካ ዱዓ ግበር።

**ምስ ካልኦት ኣካላት ሕብረተሰብ ምትሕብባር**

ኣብ መንጎ ዝተፈላለዩ ሕብረተሰባትን ዓሌታትን ምፍላጥ ክህሉ ከምዘለዎ ስዒባ ዘላ ኣያ 13 ኣብ ኣል ሑጀራት ትሕብረና። ሓፈሻዊ ትሕዝቶኣ ድማ ረቢ ሱ.ወ. ንደቂ-ሰባት ካብ ተባዕታይን ኣንስተይትን ፈጢሩ፡ ሕብረተሰብን ዓሌትን ከምዝገበርና ብምግላጽ፡ እዚ ድማ መታን ነንሕድሕድና ክንፋለጥ ምኧኑ እዩ። ኣብ ቅድሚ ረቢ ብርግጽ እቲ ዝኸበረን ዝዓዘዘን ንረቢ ዝፈርሕ (ተቐዋ ዘለዎ) ምኧኑ ድማ ትገልጽ። ካብ'ዚ ሓሊፉ ረቢ ንኹሉ ዝፈልጥን ፈላጥን ድማ ትሕብር።

يَٰٓأَيُّهَا ٱلنَّاسُ إِنَّا خَلَقۡنَٰكُم مِّن ذَكَرٖ وَأُنثَىٰ وَجَعَلۡنَٰكُمۡ شُعُوبٗا وَقَبَآئِلَ لِتَعَارَفُوٓاْۚ إِنَّ أَكۡرَمَكُمۡ عِندَ ٱللَّهِ أَتۡقَىٰكُمۡۚ إِنَّ ٱللَّهَ عَلِيمٌ خَبِيرٞ

ትምክሕቲ ሒዙና ብትዕቢት ገጽና ካብ ካልኦት ሰባት ከንርሕቕ ከምዘይብልና፡ ከምኡ'ውን ደረቕ ዝኾነ ኣረጋግጻ ጌርና ክንከይድ ከምዘይብልና እዚ ድማ ረቢ ዝፈትዎ ተግባራት ከምዘይኮነ ኣብ ሱረት ሉቕማን ኣያ 18 (31፡18) ስዒቡ ዘሎ ይርከብ፡

وَلَا تُصَعِّرۡ خَدَّكَ لِلنَّاسِ وَلَا تَمۡشِ فِي ٱلۡأَرۡضِ مَرَحًاۖ إِنَّ ٱللَّهَ لَا يُحِبُّ كُلَّ مُخۡتَالٖ فَخُورٖ

ኣብ ካልእ ኣያ፡ ሱረት ኣል-ፉሲለት ኣያ 34 (41፡34) ጽቡቕ ተግባርን ሕማቕ ተግባርን ማዕረ ከኾና ከምዘይክእላ ብምግላጽ ንሕማቕ ተግባር ብጽቡቕ ተግባር ጌርና ክንምልሶ ከምዘለና፡ እዚ ምስእንገብር ድማ ብርግጽ ኣብ መንጎናን ኣብ መንጎ እቲ ጽልኢ ዝነበረና ሰብ ምሕዝነትን ዕርክነትን ክፍጠር ከምዝኽእል ስዒቡ ዘሎ መምርሒ ይርከብ።

وَلَا تَسۡتَوِي ٱلۡحَسَنَةُ وَلَا ٱلسَّيِّئَةُۚ ٱدۡفَعۡ بِٱلَّتِي هِيَ أَحۡسَنُ فَإِذَا ٱلَّذِي بَيۡنَكَ وَبَيۡنَهُۥ عَدَٰوَةٞ كَأَنَّهُۥ وَلِيٌّ حَمِيمٞ

**ሓቅን መሰልን ጎረቤት**

ኣብ ሱረት ኣል-ኒሳእ ኣያ 36 (4፡36) ረቢ ሱ.ወ. ንጎረባብቲ ኣገደስቲ ኣካልታ ሕብረተሰብ ምኧኖም ብምግላጽ ጽቡቕ ርክባት ንኽንገብርን ክንግደሰሎም ከምዘለናን ብስዒቡ መልክዕ ይገልጽ፡

وَٱعۡبُدُواْ ٱللَّهَ وَلَا تُشۡرِكُواْ بِهِۦ شَيۡـٔٗاۖ وَبِٱلۡوَٰلِدَيۡنِ إِحۡسَٰنٗا وَبِذِي ٱلۡقُرۡبَىٰ وَٱلۡيَتَٰمَىٰ وَٱلۡمَسَٰكِينِ وَٱلۡجَارِ ذِي ٱلۡقُرۡبَىٰ وَٱلۡجَارِ )

( ٱلۡجُنُبِ وَٱلصَّاحِبِ بِٱلۡجَنۢبِ وَٱبۡنِ ٱلسَّبِيلِ وَمَا مَلَكَتۡ أَيۡمَٰنُكُمۡۗ إِنَّ ٱللَّهَ لَا يُحِبُّ مَن كَانَ مُخۡتَالٗا فَخُورًا

ኣብ'ዚኣ ኣያ ክንግደሰሎም ዘለና ሰለስተ ዓይነት ጎረባብቲ ተጠቒሶም ኣለዉ፡

1) ናይ ቀረባ ጎረቤት (وَٱلۡجَارِ ذِي ٱلۡقُرۡبَىٰ)
2) ናይ ርሑቕ ጎረቤት (وَٱلۡجَارِ ٱلۡجُنُبِ)
3) ጥቓኻ ዘሎ ብጻይካ (وَٱلصَّاحِبِ بِٱلۡجَنۢبِ)

እዚኦም ድማ ዓሌትን ሃይማኖትን ብዘየገድስ በቲ ዝበልጸ ኣቀራርባን ኣተሓሕዛን ጌርና ክንቀርቦምን ክንግደሰሎምን ከምዘለና መምርሒ ትህብ።

ሓደ እዋን ረሱል ሰ.ዓ.ወ. ሓቅን መሰልን ጎረቤት ትፈልጡ ዶ ኢሎም ድሕሪ ምሕታት ስዒበን ዘለዋ 11 ሓቅን መሰላትን ጎረቤት ዘርዚሮም (ናይ ጎረቤት ሃይማኖት፡ እምነት፡ ዓሌት፡ መበቆል ይኹን ዘርኢ ብዘየገድስ)፡

4) ሓገዝካ ምስዝሓትት ሓግዞ
5) ቅሳነት ንኽትህቦ ምስዝሓተካ ቅሳነት ሃቦ
6) ልቃሕ ምስዘድልዮ ኣለቅሖ
7) ጭንቀት ምስዝህልዎ ተገዳስነት ኣርእዮ፡ ባዕልኻ ድማ ኣብ ጭንቀቱ ጭንቀት ኣይትወስኸሉ
8) ምስዝሓምም ብጽሓዮን እለዮን
9) ምስዝመውት ኣብ ስነ-ስርዓት ቀብሩ ተሳተፍ
10) ጽቡቕ ምስዘጓንፎ እንቋዕ ኣሐጎሰካ በሎ
11) ሽግርን ጸገማትን ምስዘጓንፎ ኣጸናናዓዮ
12) ምስጢሩ ዕቆበሉ ስተሮን
13) ንእትሰርሖ ገዛ ብዘይፍቓዱ ኣልዒልካ ብምንዳቕ ኣይትዕገቶ
14) ፍሩታ ምስእትገዝእ መቐልካ ሃቦ፡ ክትማቐል ምስዘይትኽእል ስቱር ጌርካ ንገዛኻ እቶ። ደቅኻ ድማ ንደቂ ጎረቤት ከቕንኡ ኢሎም ሒዞም ንኽወጹ ኣይተፍቅድ

ኣብ ሓዲስ ቡኻሪ ተመዝጊቡ ከምዝርከብ ረሱል ሰ.ዓ.ወ.፡ "ጅብሪል ንጎረቤተይ በገባብ ገይረ ንኽሕዞ ደጋጊሙ ክነግረኒ ምስጀመረ 'ሕጅስ ሓደ ካብ ወረስትኻ እዩ' ክብለኒ ኢዩ ኢለ ሓሲበ" ኢሎም።

ኣብ ሰሒሕ ሙስሊም ከምዝርከብ ድማ ረሱል ሰ.ዓ.ወ. "ኣብ ረብን የውመል-ቂያማን ዝኣምን ኣብ ልዕሊ ጎረቤቱ ህያዋይን ለዋህን ይኹን፡ ኣብ ረብን የውመል-ቂያማን ዝኣምን ኣብ ልዕሊ ኣጋይሹ ጽቡቕ ኣኣንጋድነት የርኢ፡ ኣብ ረብን የውመል-ቂያማን ዝኣምን ወይ ጽቡቕ ይዛረብ ወይ ድማ ስቕ ይበል" ኢሎም።

ኣብ ካልእ ቦታ ሓዲስ ቡኻሪ፡ ረሱል ሰ.ዓ.ወ. "ጥቕኡ ዘሎ ጎረቤቱ ጠምዩ ከሓድር እንከሎ፡ ባዕሉ ክሳብ ዝጸግብ ዝበልዕ ኣማኒ ኣይኮነን" ከምዝበሉ ይርከብ።

## <u>እስልምና ንዘይኸተሉ ምሕጋዝ</u>

ንኻልኦት ናይ ምሕጋዝ ዓቕምታት ሃሊዩካ ንሓገዝትካ ምውፋይ፡ ሓደ ንረቢ ሱ.ወ. ምስጋና ካብ እንቕርበሉ ኣገባባት እዩ። እዚ ሓገዝ ድማ ንኹሎም ኣብ ሽግርን ጸበባን ንዘለዉ ደቅሰባት ናይ ሃይማኖት፡ ዓሌት፡ ጾታ፡ ሕብሪ ወይ ድማ ቋንቋ ፍልልይ ብዘየገድስ ክወሃብ ከምዘለዎ ኣብ ዝተፈላለዩ ቦታታት ናይ ቁርኣንል-ከሪም ተጠቒሱ ይርከብ።
ኣመንቲ እስልምና ንዘይኮኑ ሰባት ይኹን ሕብረተሰብ በገባብ ክንቀርቦምን ኣብ ሽግሮምን ጸገማቶምን ክንተሓባበሮምን ክንሕግዞምን ከምዝግባኣና ኣብ ሱረት ኣል-ሙምተሒናት ኣያ 8 (60፡8) ዘሎ ኣያ መምርሒ ይህበና። ናይ'ዚ ቅድመ-ኩነት ግን እዞም ዝሕገዙ ኣንጻር ሙስሊሚን ውግእ ዘይከፈቱን ካብ ገዛውቶም ከምዝስጎጉ ዝገብሩን ክኾኑ የብሎምን።

لَّا يَنْهَىٰكُمُ ٱللَّهُ عَنِ ٱلَّذِينَ لَمْ يُقَـٰتِلُوكُمْ فِى ٱلدِّينِ وَلَمْ يُخْرِجُوكُم مِّن دِيَـٰرِكُمْ أَن تَبَرُّوهُمْ وَتُقْسِطُوٓا۟ إِلَيْهِمْ ۚ إِنَّ ٱللَّهَ يُحِبُّ ٱلْمُقْسِطِينَ

በዚ መሰረት ዝኾነ ኣማኒ ኢስላም ዘይኮኑ መንነቶም ብዘየገድስ ብፍትሕን በገባብን ከተሓዙን ግቡእ ሓገዝ ክግበረሎምን ኣለዎም።

ኣብ ኢስላም ዘይኣምኑ ናይ ውግእ እስረኛታት'ውን እንተኾኑ በገባብ ክተሓዙ ከምዘለዎም ኣብ ሱረት ኣል-ኢንሳን ኣያ 8-9 (76፡ 8-9) ዝርከብ ኮይኑ፡ እዚ ርህራሄ ድማ ንፍትወት ረቢ ሱ.ወ. ኢልካን ምስጋናን ካሕሳን ከይተጸበኻ ክኸውን ከምዘለዎ ይርከብ።

وَيُطْعِمُونَ ٱلطَّعَامَ عَلَىٰ حُبِّهِۦ مِسْكِينًا وَيَتِيمًا وَأَسِيرًا (٨) إِنَّمَا نُطْعِمُكُمْ لِوَجْهِ ٱللَّهِ لَا نُرِيدُ مِنكُمْ جَزَآءً وَلَا شُكُورًا (٩)

"ረቢ ብዝያዳ ዝፈትዎም ሰባት መን እዮም?" ኢሉ ሓደ ሰብኣይ ንረሱል ሰ.ዓ.ወ. ምስሓተቶም፡ "ንኻልኦት ሰባት ብዝያዳ ጠቓምቲ ዝኾኑ ሰባት ኢዮም" ኢሎም መሊሶሙሉ። ገሊኦም ዑለማእ ነዚኣ ሓዲስ መግለጺ ክህቡ እንከለዉ፡ ንኩሎም ኣብ ሕብረተሰብ ዝርከቡ ደቂ-ሰባት ማለት ኣብ እስልምና ዝኣምኑን ንዘይኣምኑን ተጠቓልል እያ ይብሉ።
ካብ'ዚ ሓሊፉ ረሱል ሰ.ዓ.ወ. ንሓደ ሕብረተሰብ ከም ሓደ ቤተሰብ ገይሮም ይገልጽዎ ነይሮም። ኩሎም ሰባት ናይ ረቢ ሱ.ወ. ኢዮም። ንሱ ድማ ጽቡቕ ይደልየሎምን ንዘድልዮም ነገራት ድማ ይህቦምን።

## <u>ንኻልኦት ምሕጋዝ ክልኩል ዝኾነሉ ኩነታት</u>

እስላማይ ይኹን ኣይኹን ብዘየገድስ ንዝተዋሃቦ ሓገዝ ሕማቕ ነገር ንኽፍጽም ወይ ድማ ሓራም ንዝኾነ ነገር ኽፍጽም ወይ ኽገዝእ ንዝደሊ ሓገዝ ምሃብ ክልኩል እዩ። ነዚ ዝገብር ድማ ኣብ'ቲ ሕማቕ ተግባር ወይ ሓራም ከምዝተኻፈለ እዩ ዝቑጸር። ረቢ ሱ.ወ. ኣብ ሱረት ኣል-ማኢዳ ኣያ 2 (5፡2) ኣብ ጽቡቕ ተግባርን ኣብ ንረቢ ምፍራሕን ነንሕድሕድና ክንተሓጋገዝ ከምዘልንና፡ ኣብ ሕማቕ ተግባራትን ኣብ ጽልኢ ምፍጣርን ድማ ክንተሓጋገዝ ከምዘይብልና ብስዒባ ዘላ ኣያ ይእዝዘና፤

تَعَاوَنُوا۟ عَلَى ٱلْبِرِّ وَٱلتَّقْوَىٰ ۖ وَلَا تَعَاوَنُوا۟ عَلَى ٱلْإِثْمِ وَٱلْعُدْوَٰنِ ۚ وَٱتَّقُوا۟ ٱللَّهَ ۖ إِنَّ ٱللَّهَ شَدِيدُ ٱلْعِقَابِ

## <u>ሕብረተሰብኣዊ ስራሓት ብቁርኣን መሰረት</u>

ኣብ እስልምና ሓደ ውልቀሰብ ኣብ ልዕሊ ሕብረተሰቡ፤ ከምኡ'ውን ሓደ ሕብረተሰብ ኣብ ልዕሊ ነፍስ-ወከፍ ኣካል ሕብረተሰብ ዘሎ ሓላፍነት እቲ ቀዳምነትን ዝለዓለን ቦታ ዝተወሃቦን ሓላፍነት ዝመለኦን ጉዳይ እዩ። ከምኣብነት ሰላተ-ጀማዓ ነዚታት ናይ ምጥንኻር ግደ ዘለዎ መሳርሒ እዩ። ኩሉ ኣብ ነንሕድሕዱን ከምሕብረተሰብ ድማ ብጠቕላላን ሓላፍነት ኣለዎም። በዚ መሰረት ኩሉ እቲ ሕብረተሰብ ንኽምዕብል ናይ ውልቅን ሓባራውን ጻዕርታት የካይድ፤ ንካልእ ይህብ ባዕሉ ኣውን ይወሃቦ፤ ይሕግዝ ባዕሉ'ውን ይሕገዝ፤ ካልኦት ይከላኸልሉ ንኻልኦት ድማ ይከላኸል። በዚ መሰረት ድማ እቲ ሕብረተሰብ ከም ሓደ ኣካል ይዋሳእን ይሰርሕን ይተሓላለይን። ነዚ ብዝምልከት ረሱል ሰ.ዓ.ወ. ንሓደ ሕብረተሰብ ክገልጹ እንከለዉ ከም ሓደ ሰውነት ገይሮም ብምግላጽ "ገለ ካብ'ቲ ኣካል ክሓምም እንከሎ ዝተረፈ ኣካል ብረስኒ ድቃስ ስኢኑ ይሓድር" ኢሎም። እዚ ምትእስሳር ነቲ ሕብረተሰብ የደልድሎን ጥንካረ እውን ይህቦ።

## <u>ሕውነት</u>

ኩሎም ኣመንቲ ኣሕዋት ከምዝኾኑ ኣብ ሱረት ኣል-ሓሸር ኣያ 10 (49፡10) ብምግላጽ ኣብ መንጎ ኣሕዋት ድማ ሰላም ብምፍጣር። መታን ረቢ ክርሕመልና ድማ ንረቢ ክንፈርሕ ከምዘልንና መምርሒ ይርከብ፡

إِنَّمَا ٱلْمُؤْمِنُونَ إِخْوَةٌ فَأَصْلِحُوا۟ بَيْنَ أَخَوَيْكُمْ ۚ وَٱتَّقُوا۟ ٱللَّهَ لَعَلَّكُمْ تُرْحَمُونَ

ሕብረተሰብኣዊ ፍትሒ ንምርካብ ትምህርቲ ቀዳማይ ቅድመ-ኩነት እዩ። ረሱል ሰ.ዓ.ወ. ንቁርኣን ብምጥቓምን ኣብነት ብምዃንን ኩሉ ሰብ ኣብ ረቢ ዘርእዮ ዒባዳ ኣብ ፍልጠት ዝተመርኮሰ ንኽኸውን ዘየቋርጽ ጻዕርታት የካይዱ ነይሮም።.

**ዓይነታት ሓገዛት**

ካብ ዘለካ ምስካልኣት ምምቓል፣ ኣብ ጸገማቶም ምትሕብባርን ናይ ጉልበት፡ ግዜ ይኹን ካልኣት ዓቕምታት ሓገዛት ምውፋይ፣ ኣብሽሩ ምባልን ምድዕዓስን፣ ካልኣት ሓገዛቶም ንኸወፍዩ ምትብባዕን ካልኣት ኣድለይቲ ሓገዛት ምውፋይ ካብ ሊላህ ኢልካ ዝግበሩ ሓገዛት ክቑጸሩ ይከኣል እዩ።

1. ናይ ኣጋጣሚ ሓገዝ፡ ንኣብነት ምኽሪ ምሃብ (Casual help)
2. መጻንሒ ሓገዝ ምሃብ፡ ንኣብነት ገንዘብ ምልቃሕ (Substantial help)
3. ስምዒታዊ ደገፍ፡ ንኣብነት ምትብባዕን ምድዕዓስን (Emotional help)
4. ህጹጽ ሓገዝ፣ ኣብ ሽግራት ሰብ ብዘለካ ዓቕሚ ምሕጋዝ (Emergency help)
5. ናይ ነዊሕ ዝእምት ሓገዝ፡ ተሸጊሮም ዘለዉ ነብሶም ንኽኽእሉ ንነዊሕ ዘማዕዱ ሓገዛት ምሃብ (Long-term)

**ኣብ ሽግርን ጸገምን ንዘለዉ ምሕጋዝ ግዴታ እዩ**

ኣብ ሱረት ኣል ዒምራን ኣያ 92 (3፡92) ካብ እትፈትዎ ነገር ብድሌትካ ክይሃብካ ብምንም ኣገባብ ጽድቂ ከምዘይርከብን ንኹሉ ድማ ረቢ ከምዝፈልጦ ብጥብቂ ሰፊሩ ይርከብ፣

لَن تَنَالُواْ ٱلْبِرَّ حَتَّىٰ تُنفِقُواْ مِمَّا تُحِبُّونَۚ وَمَا تُنفِقُواْ مِن شَيْءٍ فَإِنَّ ٱللَّهَ بِهِۦ عَلِيمٌ (٩٢)

ኩሎም ደቅሰባት ብኩሉ ዓይነት ሽግር ይኹን ራህዋ ክፍተኑ ይኽእሉ። ንኣብነት እኹልን ትሩፍን ሃብቲ ዝተዋሃቦም ረቢ ኣብ ዝፈትዎን ኣብ ኣገልግሎት ረብን ከውዕልዎ ክቃለሱ ኣለዎም። ኣብ ሱረት ኣንፋል ኣያ 28 (8፡28)ንብረትናን ደቅናን ንፈተና ምኳኖም ክንፈልጥ ከምዘለንና፣ ረቢ ድማ እቲ ዝዓበየ ኣጅሪ ሐዚሉና ከምዝሎ ስዒቡ ዘሎ ይርከብ፣

وَاعْلَمُوا أَنَّمَا أَمْوَالُكُمْ وَأَوْلَادُكُمْ فِتْنَةٌ وَأَنَّ اللَّـهَ عِنْدَهُ أَجْرٌ عَظِيمٌ ﴿٢٨﴾

ኣብ ሱረቱል ዙኽሩፍ ኣያ 32 (43፡32) ነዚ ብዝምልከት፡ ኣብ ናይ ዓለም ሂወት ንመነባብሮና ዝኸውን ኣብ መንነና በብጽሒትና ዝመቐለና ንሱ ምዃኑ ብምግላጽ፡ ንገሊኦም ኣብ ልዕሊ ካልኣት ብደረጃ ክብ ከምዘበል፡ እዚ ድማ መታን ካብ ነንሕድሕድና ኣገልግሎት ንኽንረክብን ክንወስድን ብማለት ምዃኑ ተገሊጹ ይርከብ። ናይ ረቢ ራሕማ ድማ ካብ ኩሉ እኩብ ነገራት ዝበለጸ ምዃኑ ስዒቡ ዘሎ ረቢ ሱ.ወ. ይብል፣

نَحْنُ قَسَمْنَا بَيْنَهُمْ مَعِيشَتَهُمْ فِي الْحَيَاةِ الدُّنْيَا ۚ وَرَفَعْنَا بَعْضَهُمْ فَوْقَ بَعْضٍ دَرَجَاتٍ لِيَتَّخِذَ بَعْضُهُمْ بَعْضًا سُخْرِيًّا ۗ وَرَحْمَتُ رَبِّكَ

خَيْرٌ مِمَّا يَجْمَعُونَ ﴿٣٢﴾

**ኩሉ ኣይኮነን ኣፉ ኣወጺኡ ሓገዝ ዝሓትት - *"ኣያ ዘለዎ ኣራፊዱ ይመውት"***

ኣብ'ዚ ምስትውዓል ዘድልዮ ኩሎም ሽጉራትን ኣብ ጸገም ዘለዉን ኣፎም ከፊቶም ሃቡና ከምዘይብሉ እዩ። እዚኦም ሰባት በገባብ ተብጺሖም ግቡእ ሓገዛት ክግበረሎም ናይ ኩሉ ኣካል ሕብረተሰብ ግዴታ እዩ። ሽጉራት ዝኾኑ እሞ መንገዲ ረቢ ዝሓዙ ንመነባብሮኦም ኢሎም ካብ ቦታ ናብ ቦታ ክንቀሳቐሱ ዘይክእሉ ሓገዝ ይግበኦም ምዃኑ ኣብ ሱረት ኣል-በቐራ ኣያ 273 (2፡273) ብምግላጽ፡ ናይ'ዚኦም ሰባት ኩነታቶም ዘይፈልጡ ካልኣት ሰባት ግን ነዞም ሽጉራት ከም ርኹባትን ሃብታማትን ገይሮም ይወስድዎም። እዞም ኣፎም ኣውጺኦም ሓግዙና ዘይብሉ ንክብረቶም ንኽሕልዉን ሓያን ስለዝሕዞም ምዃኑ መብርሂ ይርከብ። ወላኳ እንዳዞሩ ደፊኦም ኣይለምኑ ደኣ'ምበር ንኩነታቶም ብገጾም ክፍለጥ ከምዝኽእል ነዚኦም ሽጉራት ዝግበር ጽቡቕ ነገራት ድማ ረቢ ዝፈልጦ ምዃኑ ብስዒቡ ዘሎ መልክዕ ተጠቒሱ ኣሎ።

لِلْفُقَرَآءِ ٱلَّذِينَ أُحْصِرُواْ فِى سَبِيلِ ٱللَّهِ لَا يَسْتَطِيعُونَ ضَرْبًا فِى ٱلْأَرْضِ يَحْسَبُهُمُ ٱلْجَاهِلُ أَغْنِيَآءَ مِنَ ٱلتَّعَفُّفِ تَعْرِفُهُم بِسِيمَـٰهُمْ لَا

يَسْـَٔلُونَ ٱلنَّاسَ إِلْحَافًاۗ وَمَا تُنفِقُواْ مِنْ خَيْرٍ فَإِنَّ ٱللَّهَ بِهِۦ عَلِيمٌ (٢٧٣)

ኣብ'ዚ ምስትውዓል ዘድልዮ ርኹባት ኣሕዋት፡ ኣዝማድ ዘለዎም ካብ ሽግራቶም ንኽወጹ ሓገዝ ናይ ምርካብ ዕድል ዘልዎም ኮይኖም ብዙሓት ድማ ከም'ዚ ዓይነት ሓገዝ ክረኽቡ ዘይክእሉ ንሽግራቶም ኣብ ውሽጦም ሒዞም ዝኸዱ ከምዘለዉ ብምፍላጥ "እዚኦም ሓጋዚ ሰብ ወይ ወገን ዘይብሎም ሽጉራት ሰባት እንታይ ይኹኑ?" ኢልና ንንብስና ምሕታት ጥራሕ ዘይኮነስ ሓገዛትና ከነወፈ ከምዘለንና ምስትውዓል ኣብ ቦትኡ ይኸውን። ኣብ ባህላዊ ኣበሃህላና "ኣያ ዘለዎ ኣራፊዱ ይመውት" ዝብል ነዚ ኩነታት መግለጺ ዝህብ እዩ።

**ንመን ክንህብ ኣለና?**

ኣብ እስልምና ሓገዛት ምሃብ ግፍሕ ዝበለ ትሕዝቶ ዘለዎ እዩ። ካብ ወለድና ብምጅማር ንቀረባ ቤተሰብናን ኣዝማድናን፡ ዩተማእ፡ ድኻታትን ጽጉማት ንዝኾኑ ከምኡ'ውን መንገደኛታት ሓገዛትና ንኸነወፍየሎም ግቡእን ግዴታን እዩ።
ብፍላይ ድማ ንሰደቓ ብዝምልከት ኣብ ሱረት ኣል-በቐራ ኣያ 215 (2/215) ስዒቡ ዘሎ መምርሒ ይርከብ፤

يَسْـَٔلُونَكَ مَاذَا يُنفِقُونَ ۖ قُلْ مَآ أَنفَقْتُم مِّنْ خَيْرٍ فَلِلْوَٰلِدَيْنِ وَٱلْأَقْرَبِينَ وَٱلْيَتَـٰمَىٰ وَٱلْمَسَـٰكِينِ وَٱبْنِ ٱلسَّبِيلِ ۗ وَمَا تَفْعَلُوا۟ مِنْ خَيْرٍ فَإِنَّ ٱللَّهَ بِهِۦ عَلِيمٌ

ኣብ ሓዲስ እውን ስዒቡ ዘሎ ይርከብ፡

السَّاعي على ألأرْمَلةِ والمِسْكينِ كَالمُجَاهدُ في سَبيلِ اللهِ أو القائمِ اللَّيْــل الصائمِ النهار

ንሰብኡተን ዝሞትወንን ንድኻታትን ደገፉት ዘበርከት ልክዕ ንመንገዲ ረቢ ኢሉ ይቃለስ ከምዘሎ ወይ ድማ ምሉእ ለይቲ ክሰግድ ዝሓድርን ብቀትሪ ድማ ዝጸውምን ዝመዛዘን እዩ። (ቡኻሪ)

ኣብ ካልእ ሱረት ኣል-ተውባ ኣያ 60 (9:60) ሰደቓ ንሸሞንተ ዓይነት ሰባት ክወሃብ ከምዘለዎ መምርሒ ይርከብ፤

۞ إِنَّمَا ٱلصَّدَقَـٰتُ لِلْفُقَرَآءِ وَٱلْمَسَـٰكِينِ وَٱلْعَـٰمِلِينَ عَلَيْهَا وَٱلْمُؤَلَّفَةِ قُلُوبُهُمْ وَفِى ٱلرِّقَابِ وَٱلْغَـٰرِمِينَ وَفِى سَبِيلِ ٱللَّهِ وَٱبْنِ ٱلسَّبِيلِ ۖ فَرِيضَةً مِّنَ ٱللَّهِ ۗ وَٱللَّهُ عَلِيمٌ حَكِيمٌ (٦٠)

- **ፉቐራእ**: ገለ ትሕዝቶ ዘለዎም ኮይኖም ንመነባብረኦም መሸፈኒ ግን እኹል ዘይኮነ
- **መሳኪን**: ስእነት ዘጥቐዖም ሰባት ኮይኖም ወላሓንቲ ክነብርሉ ዝኽእሉ ትሕዝቶ ዘይብሎም
- **ዓምሊን**: (ዘካት ዝእከቡ) ዘካት ንኽእከቡ ሓላፍነት ዝተወሃቦም እሞ ኣብ ካልእ ክሰርሕሉ ዝግበኦም ግዜ ኣብ ምእካብ ዘካት ስለዘጥፍእዎ።
- **ሙኣለፋቱል ቁሉብ፡** ብሽግራቶም ምኽንያት ካብ ዲኖም ንኸይርሕቑ ልቦም ናብ ረቢ ንምምላስ ከምኡ'ውን ሃይማኖቶም ቀይሮም  ናብ እስልምና ንዝኣተዉ ንኢማኖም መጠናኸሪ
- **ኣል-ሪቓብ**: ንበራዩ ነጻ ንምውጻእ
- **መንገደኛታት**: ሓገዝ ዘድልዮ መንገደኛ
- **ኣብ ዕዳ ዝወደቑ**: ዕድኡ ምስ ከፈለ ንመነባብርኡ እኹል ዘይብሉ። ቅድመ-ኩነት ናይ'ዚ እቲ ዕዳ እስልምና ብዘየፍቅዶ መንገድን ብሓራምን ዝተመስረተ ክኸውን የብሉን።
- **ፊሰቢሊላህ**: ንናይ ረቢ መንገዲ ከምህሩ ወይ ክመሃሩ ምእንቲ ረቢ ኢሎም ካብ ገዘኦም ርሒቖም ዘለዉ።

**ብኸመይ ክንህብ ኣለና?**

ናይ ገንዘብ ወይ ናይ ንዋት (ነገር) ሓገዝ እንድሕር ሂብካ እቲ ዝበለጸን ፍቱውን ኣገባብ ሓቢእካ ካልኦት ሰባት ከይረኣዩ ምሃብ እዩ። ነዚ መብርሂ ድማ ብዲነል-ኢስላም መሰረት የማነይቲ ኢድ ክትህብ እንከላ ጸጋመይቲ ኢድ ክትርኢ የብላን። ክትህብ እንከለኻ ሓቀኛ ልግሲ ዝሓዘ ክኸውን ኣለዎ። እዚ ማለት ስዒቡ ዘሎ መልክዕ ዝሓዘ ክኸውን ይግባእ፤

1. ሓገዝ ድሕሪ ምሃብካ ናይ ዕቡይን ምኩሕን ጠባይ ብምርኣይ ንዝገበርካዮ ምግናን ወይ ድማ ንዝሓገዝካዮም ብምንኣስ ምህሳይ
2. ናይ ዝሓገዝካዮም ሰባት ብዛዕባ ሽግራቶም ክፍለጥ እንድሕር ዘይደልዩ ኮይኖም ብምስጢር ምዕቃብ
3. ክትሕተትን ክትህብን እንከለኻ ብብሩህ ገጽ ክትቀርብ ኣለካ።
4. ወላ'ኳ ናይ ምሕጋዝ ዓቕሚ ኣይሃልወካ ጽቡቕ ዘረባን ገጽን ኣርኢ
5. ተረኺቡ ንዘሎ ሽግር ክፈትሕ ዝኽእልን ዓቕምኻ ዝኾነን ሚዛን ዘለዎ ሓገዝ ምሃብ። ብዙሕ ዘይምስሳዕ ሕሉፍ ዝኾነ ልግሲ ድማ ዘይምርኣይ። ኩሉ ብዓቕን
6. እትህቦ ይብዛሕ ይውሓድ በዘየገድስ ተሓጒስካ ሃብ። እንዳዕረምረምካን ሕማቕ እንዳተሰመዓካን እትህቦ ቅቡል ኣይኮነን።
7. ክትህብ እንከለኻ ጽቡቕ ዘረባ ሓውሰሉ። ብሕማቕ ገጽን ሕማቕ ዘረባ ሓዊስካ እትህቦ ሓገዝ ንተቐባሊ ክብረቱ ዝቕንጥጥ ጥራሕ ዘይኮነስ ብዓይኒ ረቢ ሱ.ወ. እውን ቅቡል ኣይኮነን።

<u>ኣርባዕተ ዓይነት ምእንቲ ረቢ ሱ.ወ. ኢልካ ኣወሃህባ ይርከብ፤</u>

1. ብግሁድ ካልኦት ሰባት እንዳረኣዩ ዝወሃብ ሓገዝ ኮይኑ፡ እቲ ኩነታት ሓቢእካ ክትህብ ዘየፍቅድ ወይ ዘይጥዕም ኮይኑ ወይ ድማ ኣብ ቅንዕና ዝተመርኮሰ ንኻልኦት ኣብነት ንምኳን ኢልካ ምሃብ
2. ብሕቡእ ካልእ ሰብ ከይፈለጠን ከይረኣየን ንተቐባል ሓገዝ ምሃብ
3. ብምስጢራዊ ኣገባብ ካልእ ሰብ ይኹን ተቐባል ሓገዝ ከይፈለጠ ምሃብ።

4. ኣብ ልዕሊ ተቐባል ሓገዝ ወይ ተሸጊሩ ዘሎ ሸፋቓ፤ ንኩነታቶም ምርዳእ፤ ትዕግስትን ሰብርን ምርኣይ ከም ሓገዝ ምሃብ እዩ ዝቖጸር

   እዚ ኩሉ ኣገባባት ከም ምሃብ ጥራሕ ዘይኮነስ ዝቖጸር ከም ምዝካር ረቢ (ዚክሪ-ላህ) ዝቖጸር እዩ።_ገሊኦም ዑለማእ ከምዝብልዎ ካብ ሳሕቲ (ሕልፍ እንዳበልካ) ኣብዚሕካ ምሃብ ኩሉ ግዜ (ቀጻሊ ዝኾነ) ቁሩብ ቁሩብ ምሃብ እቲ ዝምረጽ እዩ ይብሉ። እቲ ዝበለጸ ድማ ሽጉር ዝኾነ ሰብ ካብ ሽግራቱ ወጺኡ ነብሱ ንኽኽእልን ብነብሱ ንኽሓድርን ዘላቒ ዝኾነ ሓገዝ ምብርካት እዩ።

**<u>እቲ ዝበለጸ ሓገዝ</u>**

"እቲ ዝበለጸ ሓገዝ በዲሎሙ'ኻ እንከለዉ ምእንቲ ረቢ ኢልካ እትህቦ ሓገዝ እዩ።"
ረሱል ሰ.ዓ.ወ. ከምዝበልዎ ሰደቓ ምውጻእ ንሃብቲ ወሃባይ ዘግዱሎ ኣይኮነን (ሰሒሕ ሙስሊም)። ዝኾነ ነገር ምእንቲ ረቢ ኢልካ ተውጽኣሉ ፈጺሙ ኣይጎድልን እዩ። በንጻሩ በረካ ኣትይዎ ጸርዩ ይውስኽ

ኣብ ሓዲስ ኣቡ ዳዉድ ስዒቡ ዘሎ ሓዲስ ይርከብ፤
"እቲ ዝበለጸ ሓገዝ ጥዕና እንከለካን እቲ ትህቦ ገንዘብ ኣድልዩካ እንከሎ እትህቦ እዩ። ክሳብ ጻዕረሞት ዘርከበካ ኣይትጸበ። ኣብ ኣፍደገ ሞት ኮንካ እቲ ንእከለ እዚ ድማ ንእከለ ኢልካ ኣይትናዘዝ። ብርግጽ መን እንታይ ይበጽሖን ይወስድን ኣቐዲሙ ብረቢ ዝተጸሓፈ እዩ።"
"እቲ ዝበለጸ ሓገዝ ካብ እታ ዘይብሉ መንጪቱ ንኻልኦት ዘማቕል እዩ።"
ነዚ ሕቶ ረሱል ሰ.ዓ.ወ. ክምልሱ እንከዉ ስዒቡ ዘሎ ኢሎም፤ "እቲ ዝበለጸ ተግባር ንናይ ኻልእ ሰብ ልቢ ምሑጓስ፤ ንዝጠመይ ምዕንጋል፤ ንዝተሸገረ ምሕጋዝ፤ ንዝሓዘነ ምድዕዓስን ምእባድን ከምኡ'ውን ንዝተሃሰየ ማህሰይቱ ምልጋስ እዩ ኢሎም።"

**<u>ብዛዕባ ምልማን</u>**

ረሱል ሰ.ዓ.ወ. ከምዝበልዎ ላዕለወይቲ ኢድ ካብ ታሕተወይቲ ኢድ ዝበለጸት እያ። እዚ ማለት እንድሕር ከኢልካ ወሃባይ ኩን እምበር ተቐባላይ ኣይትኹን። ኣብ ካልእ ሓዲስ ቡኻሪ ስዒቡ ዘሎ ይርከብ፤ "ንኻልኦት ናይ ገንዘብ ሓገዝ ካብ ምሕታት ዝዕገስ ሰብ ረቢ ድማ ባዕሉ ብምሃብ ካብ ምሕታት ኣድሒኑ ነብሱ ከምዝኽእል ይገብሮ።"
እዚ ዘርእየና ምልማን ኣብ እስልምና ብዝተኸኣለ መጠን ክዝውተር የብሉን። ኩሉ ሰራሑ ክሓድር ከምዘለዎ ዝተባባዕ ኮይኑ ሓገዛት ካልኦት ዘድልየሉ ገለ ኩነታት ክህልው ከምዝኽእል ፍሉጥ እዩ።

ኣብ ሓዲስ ኣቡ ሁረይራ ረሱል ሰ.ዓ.ወ. ስዒቡ ዘሎ ከምዝበሉ ተመዝጊቡ ይርከብ፤
"ካብ ካልኦት ምሕታት ልማዱ ዝገበረ ሰብ ናብ ናይ እሳት ሓዊ እንዳቐረበ እዩ ዝኸይድ። ስለ'ዚ ወይ ሓሲቡ ጠጠው የብሎ ወይ ድማ ከምድልየቱ የቐጽሎ።" እዚ ዘርእየና መጀመርያ ንሽግራትካ ባዕልኻ ንምፍታሕን ንምቅላልን ጻዕርታት ክካየድ ከምዘለዎ ኮይኑ ተጓይኻ ንሰብ ምሕታት ፍቱው ከምዘይኮነ ዘርእየና እዩ።

رَبَّنَا آتِنَا مِن لَّدُنكَ رَحْمَةً وَهَيِّئْ لَنَا مِنْ أَمْرِنَا رَشَدًا

(ሱረት ኣል-ካህፍ ኣያ 10 – 18፥10)

## ሳልሰይቲ ክፋል ትቕጽል